ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

The Government of the National State of Tigrai

ቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር

Office of the President

ዕለት 0 3 ሐምሌ 2004
Date

ቁፅሪ ር/ፕ3/156/10/02
Ref.No

---

*ናብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተስኣ)*

*__ዋሽንግተን ዲሲ፣__*

## ዋኒኑ:- <u>ንሕቶ ምክያድ ፌስቲቫል ትግራይ ኣብ ትግራይ ምላሽ ምሃብ፣</u>

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተስኣ) እቲ በብዓመቱ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዝኽበር ዝነበረን ዘሎን ድሙቕ በዓል ፌስቲቫል ኣብ 2006 ዓ/ም ወርሒ ነሓሰ ኣብ ትግራይ ንክብዕሎ ግንቦት 3/2004 ብስሩዕ ደብዳቤ ሓቲቱ 'ሎ።

ከምቲ ዝፍለጥ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተስኣ) ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ተግራይ ተጀሚሩ እስኩብ ዝዛዘም ኣብ ጎኒ ህውሓትን ህዝቢ ትግራይን ተሰሊፉ ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ነበርቲ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብ ምልዕዓልን ምምራሕን ዓብይ ግደ ዝተፃወተ ወዳብ እንትኾውን ድሕሪ ዓወት 'ውን ንልምዓትን ህንፀት ሰናይ ምስሊ ክልልናን ሃገርናን ዝሕግዙ ስራሕቲ ኣብ ምስላጥ ዝርከብ ውዳበ ስለዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ 'ዚ ዘለና ናእዳን ክብርን ዝላዓለ ምኳኑ ክንገልፅ ንፈቱ።

ሓዚ ድማ ናይቲ ሰናይ ስርሑ መቐፀልታ ዝኾነ ፌስቲቫል ትግራይ ኣብ ትግራይ ንምኽያድ ኣብቲ ፌስቲቫል ኣባላትን ደገፍትን ማ.ተ.ስ.ኣ፣ማ ል ት፣ ዝተፈላለያ ኣልሙናያት፣ ማሕበር ደቂኣነስትዮ፣ ማሕበር መናእሰይ፣ ከየንትን ሙዚቀኛታትን፣ ሰብ ሃብቲ፣ ፍሉጣት ውልቀሰባት ኮታስ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ትግራዋይን ፈታዊ ትግራዋይን ዝሓቆፈ፣ ዝለዓለ ምልዕዓል ብምግባር ኣብ ህንፀት ሰናይ ምስሊ ክልልናን ሃገርናን፣ ኣብ ህንፀት ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራስን ሃገርና ዓብይ ትርጉምን ትሕዝቶን ዘካተተ ፌስቱቫል ትግራይ ኣብ ትግራይ ንምክያድ ዝወጠንኩሞ ውጥን መንግስቲ ትግራይ ዝለዓለ ትኩረትን ደገፍን ክገበረሉ ዝግባእ ዕላማ ምኳኑ ክነረጋግፅ ንፈቱ።

---

ዝተመሓየሸ መነባብሮ ዝለዓለ ብርኪ ትምህርትን ቴክኖሎጂን ዝወነ ሕብረተሰብ ፣ ኣብ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተመስረተ ዲሞክራሲ ፣ ሰላምን ሰናይ ምምሕዳርን ዝነገሰላ ፣ ምዕቡልን ተወዳዳራይ ዝኾነ ማእኸላይ ሸቶት ዘለወን ሃገራት ዘረጋገፀ ብርኪ ዕብየት ኢኮኖሚ ዘበፅሐት ትግራይ ምርኣይ!

☎ 0344-407682, 0344-406210, 0344-406200-08operator (Ex.260, 233)
/Fax0344407723 ✉ 120
(web site www.tigrai.gov.et )

መቐለ-ትግራይ-ኢትዮጵያ

እቲ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ፌስቲቫል ትግራይ እንትተኻብሩ ዝረኸብኩሞን ዘጥረኹሞን ተሞክሮን ዓቕምን ኣብ ግምት ብምእታው፣ ድሌት ህዝብን መንግስቲን ትግራይ ይኹን ኢትዩጵያ ድኽነት ምውጋድ፣ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ምህናፅ፣ ምስሊ ክልልና ይኹን ሃገርና ብኡወንታ ብደረጃ ዓለም ክፍለጥ ንምግባር ስለዝኾነ እቲ ኣጠቓላሊ ምድላዋት ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ብምግባር፣ እቲ ትግራዋይ ብፍላይ፣ ኢትዩጵያዊ ድማ ብሓፈሻ ኣብ ጉዳይ ሃገሩን ክልሉን ዝሳተፈሉ፣ ኣብ ቶም ዓንዲ ጉዳያት ሓበራዊ ኣረዳድኣን ቅዋምን ዝሕዘሉ ኣንፈት ዝተኸተለ ኮታስ ልዑል ምድላዋት ብምግባር እቱ ፌስቲቫል ኣብ ትግራይ ንኽካየድ ልዑል ድሌት ኣሎና፡፡

ስለ 'ዚ ብወገን መንግስቲ ትግራይ እዚ ሰናይ ተግባር 'ዚ ንኽተካይዱ ዝድገፍ ሓሳብ ኮይኑ እቱ ፌስቲቫል ኣብ ተካይዱሉ እዋን ነዚ ከተሓባብሩ ዝኽእሉ ኮሜቴታት ኣብ ምጥያሽ፣ *እቲ ፌስቲቫል ድሙቐን ውዕውዕን ንክኸውን እተፈላለዩ ባህላዊ ምርኢታት ኣብ መድላውን ምድጋፍን ንተሓባበር ኮይንና ብኣኹም ወገን ድማ ነቱ ፌስቲቫል ዘድሊ ኣጠቓላሊ ወፃኢታት እተፈላለዩ ፕሮጀክትታትን ደገፊቲ ኣካላትን ብምትእልላሽ ተግባራዊ ንኽትገብርዎ እናሓበርና* እዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ዝርዝር ትልሚ ክትልእኹን ብቐፃልነት ድማ ምስ ቤት ፅሕፈት ዲያስፓራ ክልልና *እናተራኽብኩም ኣድላይ ዘበለ ንክትፍፅሙ ንሐብር፡፡* ኣብዚ ሰናይ ተግባር 'ዚ ክሕቆፍን ክንቀሳቐሱን ዝደልዩ ኣካላት 'ውን ኣብ ተሕቲ ፅላል ማተስኣን ማልትን ኮይኖም እተፈላለዩ ውዳበታት ብምፍጣር ብዝያዳ ምእንታን ክንቀሳቐሱ እዚ ከፍልጥዎ ከግበር ኣተሓሳስብ፡፡

"ምስ ስላምታ"

ኣባይ ወልዱ
ርእሰ ምምሕዳር

ቅዳሕ/

- ንቤትፅሕፈት ዲያስፓራ ክልልና
  (ንኽከታተልዎ)